ደደቢት ትካል ልቓሕን ዕቋርን ኣ/ማ ኮቦርታ ብጨረታ ኣወዳዲሩ ክዕድግ ስለ ዝደለየ ክትጫረቱ እትደልዩ ሲዒቡ ተዘርዚሩ ዘሎ ረቋሒታት እተማልኡ ትካላት ንክትወዳደሩ ይዕድም።

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ረቡዕ ሰነ 17, 2018 (ቅድሚ 5 ወርሒ)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ሰነ 23, 2018 3:00 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:2%
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:50
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ሰነ 23, 2018 3:30 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ጨርቃ መርቂን ኣልባሳትን/

ን2ይ ግዜ ዝወፀ ምልክታ ጨረታ

ደደቢት ትካል ልቓሕን ዕቋርን ኣ/ማ ኮቦርታ ብጨረታ ኣወዳዲሩ ክዕድግ ስለ ዝደለየ ነዚ ሲዒቡ ተዘርዚሩ ዘሎ ረቋሒታት እተማልኡ ሕጋውያን ትካላት ንክትወዳደሩ ይዕድም።

1. ተጫረቲ ናይ መቕረባይ ፍቃድን ናይ ግብሪ ከፋላይ መፍለይ ቁፅሪ /TIN/ ከቕርቡ ዝኽእሉን ከምኡ እውን ናይ 2018 ዓ.ም ዝተሓደሰ ሕጋዊ ንግዲ ፍቓድ ዘለኩም፣ ቫት ተመዝጊብቲ ምኻንኩም መረዳእታ ክተቕርቡ እትኽእሉ፣

2. ተጫረቲ ካብ ዘቕርብዎ ጠቕላላ ዋጋ ካብ 2% ዘይነኣሰ ናይ ጨረታ መኽበሪ ኣብ ፋይናንሻል ትካላት ሕጋውነቱ ዝተረጋገፀ CPO ብፖስታ ዓሺጎም ከቕርቡ ይግባእ።

3. ዝርዝር ዝሓዘ ሰነድ ካብ ዕለት 17/10/2018 ዓ.ም ጀሚሩ ካብ ደደቢት ትካል ልቓሕን ዕቋርን ኣ/ማ ጨንፈር ሓወልቲ ዘይምለስ ብር 200 /ክልተ ሚኢቲ ብር/ ጥራሕ ብምኽፋል ኣብ ስራሕ ሰዓት ክትወስዱ ትኽእሉ፣

4. ናይ ጨረታ መከበሪ በቲ ኣብ ተራ ቐፅሪ 2 ዝተገለ መሰረት ዘየቕረበ ተጫራቲ ካብ ጨረታ ዝስረዝ ምኻኑ ክፈልጥ ይግባእ።

5. ናይ ጨረታ ውፅኢት ከይተፈለጠ ንባዕሉ ካብ ጨረታ ዘግለለ ተወዳዳሪ ንጨረታ መኽበሪ ዘትሓዘ ገንዘብ ናብ ትካል ኣታዊ ከም ዝግበር ክፈልጥ ይግባእ።

6. ናይ ጨረታ ሰነድ ብፖስታ /ሽምዒ/ ዝተዓሸገ ኾይኑ ናብ ጨረታ ሳንዱቕ ኣታዊ ዝግበረሉ ካብ ዕለት 17/10/2018 ዓ/ም እስካብ ዕለት 23/10/2018 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ናይ ንጉሆ ኣብ ዘሎ ግዜ ይኽውን፤

7. እቲ ጨረታ ዕለት 23/10/2018 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ናይ ንጉሆ ናይ ጨረታ ሳንዱቕ ተዓፅዩ በቲ ዕለት ሰዓት 3፡30 ናይ ንጉሆ ተጫረቲ ወይ ወኪላቶም ኣብ ዝተኽብሉ ኣብ ዋና ቢሮ ደደቢት ትካል ልቓሕን ዕቋርን ኣ/ማ ኣብ 4ይ ደብሪ ክፍሊ ፋይናንስ ዝኽፈት ኾይኑ ኣብቲ ጨረታ ተጫረቲ ወይ ወኪላቶም ብኣካል እንተዘይተረኽቡ እውን ሕጋውነቱ ክሳብ ዝተረጋገፀ እቲ ዝኣተወ ጨረታ ኩሉ ዝክፈት ይኽውን።

8. ተጫረቲ ኣብ እዋን ጨረታ ብስርዓት ክከታተሉን ብስርዓት ክሓቱን ዝፍቀድ ኮይኑ ካብዚ ወፃኢ ናይቲ ጨረታ ከይዲ ዝህውኽ ተግባራት ካብ ምፍፃም ክቁጠቡ ዘለዎም ኮይኖም ነቲ ጨረታ ዝህውኽ ተግባር ምስ ዝፍፅሙ ካብቲ ጨረታ ክስረዙን ካብ ውድድር ወፃኢ ክኾኑ ከምዝክእሉ ክርድኡ ይግባእ።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

9. ናይ ጨረታ ሰዓራይ ውፅኢት ምስተፈለጠ ካብ ጠቕላላ ዋጋ 10% ናይ ስራሕ ኣፈፃፅማ ውሕስና /unconditional Performance bond/ ከትሕዝ ዝኽእል፣

10. ሰዓሪ ጨረታ ውፅኢት ጨረታ ተፈሊጡ ሰዓሪ ምኻኑ ካብ ዝተነገረሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ 5 ተኽታታሊ መዓልትታት ናብ ክፍሊ ዕደጋን ንብረት ምምሕዳርን ቀሪቡ ውዕል ክኣስር ይግባእ።

11. በቲ ኣብ ተራ ቁፅሪ 10↑ ዝተገለፀ መሰረት ኣብ ውሽጢ ሓሙሽተ ተኽታታሊ መዓልትታት ናብ ትካል ቀሪቡ ውዕል ዘይኣሰረ ሰዓሪ ጨረታ እቲ ንጨረታ መኽበሪ ዘትሓዘ 2% ናብ ትካል ኣታዊ ከም ዝግበር ክፈልጥ ይግባእ።

12. ኣብቲ ጨረታ ቅሬታ ዘለዎም ተወዳደርቲ ሰዓሪ ጨረታ ዕላዊ ኾይኑ ካብ ዝተገለፀሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሰለስተ ተከታተልቲ መዓልትታ ናብ ተካል ቅሬትኦም ከቅርቡ ዝኽእሉ ኮይኖም ድሕሪ እቲ ዝተገለፀ ዕለት ዝመፅእ ቅሬታ ተቀባልነት ዘይብሉ ምኻኑ ኽፈልጡ ይግባእ።

13. ትካል ዘሐሸ መማረፂ እንተረኺቡ በቲ ጨረታ ብሙሉእ ይኹን ብኽፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ፣

14. ተወሳኺ ሓበሬታ እንተድልዩ ኣብ ዋና ደደቢት ትካል ልቓሕን ዕቋርን ኣ/ማ ሳልሳይ ደብሪ ቢሮ ቁፅሪ 309 ብኣካል ብምቕራብ ምርካብ ይካኣል እዩ።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle